**ኣብ ሃገረ ግሪኽ ንዝርከቡ ዱብሊን ዳግመ ምጽንባርን ብረክዚትን ንዝምልከቶም ናይ ዑቕባ ስደተኛታት**

Refugee Legal Support

Refugee Legal Support is a restricted fund under the auspices of Prism the Gift Fund - charity no 1099682

## ንሕና መን ኢና?

ሕጋዊ ደገፍ ናይ ስደተኛታት ዑቕባ (ኣር ኤል ኤስ) ወይ ድማ Refugee Legal Support (RLS) ብብሪጣናውያን ናይ ሕጊ ሰብ ሞያ ዝቐመ ማሕበር እዩ። RLS ኣብ ከተማ ኣቴንስ: ሃገረ ግሪኽ: ሓደ ንእሽቶ ናይ ሰብ ሞያ ጉጅለ ኣለዎ። ሓተትቲ ዑቕባ ንቃለ መሕትት ክዳለዉ ይሕግዙ። ብተወሳኺ ድማ ኣብ ጉዳያት ዳግመ ምጽንባር ስድራ ቤታት ሓገዝን ሓበሬታን ይልግሱ።

## ዱብሊን ዳግመ ምጽንባር ስድራቤታት እንታይ ማለት እዩ?

'ዱብሊን' ማለት መምርሒታት ዱብሊን 3 ማለት እዩ: እዚ ድማ ዑቕባ ናይ ዝሓተተ/ት ሰብ ሓላፍነት ትስድ ሃገር ኣየነይቲ ምኳኔ ዝውስን ናይ ሕብረት ኤውሮጳ ሕጊ እዩ። ሃገራት ዱብሊን ተባሂለን ዝፍለጣ ሃገራት ኣባላት ሕብረት ኤውሮጳ፣ ኖርወይ፣ ኣይስላንድ፣ ስዊዘርላንድ፣ ሊኽተንስታይን እየን። ውዕል ዱብሊን ሓተትቲ ዑቕባ ምስ ስድራቤታትቶም እንደገና ክጽንበሩ ዝሕግዝ፣ መስርሕ ዳግማይ ምጽንባር ተባሂሉ ዝፍለጥ መስርሕ የጠቃልል እዩ።

ናይ ዱብሊን ናይ ስርድራቤት ዳግማይ ምጽንባር ጉዳይኩም ዕውት እንተደኣ ኮይኑ፡ ኣብቲ ስድራቤትኩም ዝርከቡሉ ሃገር ክትመሓላለፉ ኢኹም - ብድሕርዚ ኣብቲ ሃገር እቲ ጉዳይ ዑቕባኹም ክረኤ እዩ። ናይ ስድራቤት ዳግማይ ምጽንባር ጉዳይኩም ዕውት ስለዝኾነ ቪዛ ናይቲ ሃር ይወሃበኩም ማለት ኣይኮነን።

## ዳግማይ ምጽንባር ክፍቀደሎም ዝኽእሉ ኣየኖት እዮም?

ዓቕመ ዐዳም ዝበጸሑ ሰባት ምስ ዘይተማራኣዉ ትሕተ ዕድመ ዝኾኑ ደቆም፣ ወይ በዓል/ቲ ቤቶም ዳግማይ ክጽንበሩ ክሃቱ ይኽ እሉ እዮም። እቶም ኣባላት ስድራቤት ከከም ኩነታቱ ሓታትቲ ዑቕባ ወይ ዑቕባ ዝረኸቡ ክኾኑ ይግባእ።

ህጻናት ምስ ወለዶም/ሕጋዊ ሞግዚቶም፣ ኣሕዋቶም፣ ወለዲ ወለዶም፣ ኣሕዋት/ኣሓት ወለዶም ንክጽንበሩ ክሓቱ ይኽእሉ እዮም። እቲ(እቶም) ኣባል(ኣባላት) ሰድራቤት ኣብቲ ክልኣይ ሃገር እቲ ብሕጊ ክህልዉ ጥራይ እዩ ዝድለ። ኣብ ገለ ኩነታት ዓቕመ ኣዳም ዝበጸሑ ሰባት ምስ ዘይተመርዓዉ መጻምድቲ ዳግማይ ክጽንበሩ ክሓቱ ይኽእሉ እዮም። ዓቕመ ኣዳም ዝበጸሑ ሰባት ዓቕመ ኣዳም ምስ ደቆም ወይ ምስ ካልኦት ኣባላት ስድራቤቶም ዳግማይ ክጽንበሩ ክሓቱ እውን ይኽእሉ እዮም። ይኹን ደኣምበር፣ ከም ኡ ንምግባር ብቑ ዕ ምኽንያት ክህልዎም የድሊ - ንኣብነት ንምንባር ኣብቲ ኣባል ስድራቤት ምሙርካስ ወይ ድማ ካልኦት ምስ ሰብ ኣዊ ኩነታት ዝተሓሓዙ ምኽንያታት። እቲ ነዚ ጉዳይ እዚ ንምውሳን ዝረኤ መዐቀኒ ክብ ዝበለ ዝለዝኾነ ብዙሓት ሰባት ኣየማል እዎን እዮም።

## ብኸመይ እዩ ዝትግበር?

ብዛዕባ ናይ ስድራቤት ዳግማይ ምጽንባር ንክትሓቱ ኣብ ሃገረ ግሪኽ ዑቕባ ክትሓቱ ይግባእ። ንናይ ምዝገባ ቆጸራኹም ኣብ ኣገልግሎት ዑቕባ ግሪኽ መጺኩም “ጻዕዳ ካርድ” ምስ ወሰድኩም፣ ነቶም ሓለፍቲ ብዛዕባ ኣብ ሃገራት ዱብሊን ዝርከቡ ስድራቤትኩም ክትነግርዎም ኣለኩም። ናትኩምን ናይቲ ምስኡ ክትጽንበሩ እትድልዩ ኣባል ስድራቤት ዝተፈረመ ናይ ፍቓደኛነት መረጋገጺ ከተቕርቡ ይግባእ። ንኣገልግሎት ዑቅባ ግሪኽ ኣባል ስድራቤትኩም ኣብቲ ክትከዱሉ እትሃስቡ ሃገር ዘለዎ ሕጋዊ ኩነታትን ስድራቤት ምዃንኩምን ዘረጋግጹ ሰነዳት ከተቕርቡ ይግባእ። እንተ ተኻኢሉ ነቶም ሰነዳት ናብ ቋንቋ ናይቲ ተቐባሊ ሃገር ወይ እንግሊዘኛ ተርጉሙዎም። መንግስቲ ግሪኽ ነዚ ጠለብ እዚ ሓላፍነት ጉዳይ ዑቕባኹም ክቕበል ናብቲ ተቐባሊ ሃገር ክሰዶ እዩ። እዚ ጠለብ እዚ ብመንግስቲ ግሪኽ ኣብ ስሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ክስደድ ብጣዕሚ የድሊ። እቶ ክትጽበርዎ እትደልዮ ኣባል ስድራቤት ኣብ ሃገረ ጀርመን እንተደኣ ኣሊዩ፣ እቲ ናይ ምጽባይ ጊዚኡእ ካብ ሰለስተ ኣዋርሕ ንታሕቲ ከምዝኾነ ክትፈልጡ የድሊ። ምኽንያቱ መንግስቲ ጀርምነንት ነቲ ናይ ሰለስተ ኣዋርሕ ጊዜ ካብቲ ጉዳይኩም ኣብ ኣብ ሃገረ ግሪኽ ዝተመዝገበሉን ታሴራ ዝተቐበልኩሙሉን ዕለት ዘይኮነ ካብቲ ናይ ኣጻብዕቲ ኣሰር ዝሃብኩሙሉ መዓልቲ ጀሚሩ እዩ ዝቖጽሮ። እቲ ተቐባሊ ሃገር ኣብ ውሽጢ ክልተ ኣዋርሕ መልሲ ክህብ ይግበኦ - ከምኡ እንተ ዘይጌሩ ድማ ብቕጥታ ናይ ጉዳይ ዑቕባኹም ሓላፍነት ክወስድ እዩ ማለት እዩ። እቲ ተቐባሊ ሃገር ንጠለብ ዳግማይ ምጽንባር እንተ ተቐቢሉዎ፣ ኣብ ውሽጢ ሽድሽተ ኣዋርሕ ናብቲ ሃገር እቲ ክትከዱ ኢኹም። ጉዕዞኹም ብመንግስቲ ግሪኽ ክዳሎን ክኽፈክልን እዩ።

## እንታይ ክገብር ይግበኣኒ?

ኣገልግሎት ዑቕባ ግሪኽ ብዛዕባ ናይ ዱብሊን ዳግማይ ምንጽንባር ስድራቤት ጠለብኩም ክፈልጥ ከምዘለዎ ኣረጋግጹ። ከምኡ ድማ እቶም ኣብቲ ካልእ ሃገር ዝርከቡ ኣባላት ስድራቤትኩም ናይ ፍቓደኛነት ቅጥዒ ክፍርሙ ይግባእ። ቅዳሕ ናይቶም ንኣገልግሎት ዑቕባ ግሪኽ ዝተዋሃቡ ሰነዳት ምሳኹም ሓዝዎም። እቶ ክትጽበርዎ እትደልዩ ኣባልት ስድራቤት እውን ከምኡ። ቅድሚ ዝኾነ ነገር ብዛዕባ እተቕርብዎ ዘለኹም ጠለብ ከምዝፈልጡን ኣብቲ ዘለዉዎ ምስ ኦም ክትጽበሩ ፍቓደናታት ምዃኖምን ኣረጋግጹ። መልሲ መጺኡ ዶ ኣይመጸን እንዳበልኩም ወይ ድማ ተወሳኺ ሰነዳት ይደልዩ እንተኾይኖም ንምርኣይ ንኣገልግሎት ዑቕባ ግሪኽ ብቐጻሊ ተወከሱ። ተወሳኺ ሓበሬታ ከተቕርቡ ክትሕተትይ እንከለኹም ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም መልሲ ሃቡ። ጉዳይ ተነጺጉ እንተ ተባሂልኩም ቅዳሕ ናይ ናይ መንጸጊ ደብዳቤ ክወሃበኩም ሕተቱ።